ሓባራዊ ኣወሃሃዲ ኣካል

ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ - ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

هيئة التنسيقِ المشتركة

الحزب الديمقراطي الارتري - حزب الشعب الارتري

JOINT CO-ORDINATION BODY

ERITREAN DEMOCRATIC PARTY- ERITREAN PEOPLE'S PARTY

## ደምዳሚ መግለጺ መሪሕነታዊ ኣኼባ

## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን

ክልቲኡ መሪሕነታት ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን፡ ነቲ ብሓባራዊ ኣወሃሃዲ ኣካል ተመሪሑ ክካየድ ዝጸንሐ ዕማማት ንምግምጋምን፡ ናይ መጻኢ መደባት ዕዮ ንምትላምን፡ ዝዓለመ መሪሕነታዊ ኣኼባ፡ ካብ 11-12 ሚያዝያ 2009 ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት፡ ጀርመን ኣካይዱ።

እዚ ኣኼባ'ዚ፡ ፖለቲካውን ቍጠባውን ማሕበራውን ኵነታት ሃገርና ካብ ሕማቕ ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ዝወደቐሉ፤ ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ህዝብና ብሓለንጊ ናይ ጥሜት ዝግረፈሉ፡ ማእለያ ዘይብሎም መንእሰያት ንስደት ዝውሕዝሉ፡ በሽሓት ዝቝጸሩ ዜጋታት ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ዝበልይሉ ኣብ ዘለወሉ ግዜ ኢዩ ተኻይዱ። ነዚ ኣሰቃቂ ኵነታት ርእዩ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ለጊሱ፡ ህዝቢ ኤርትራ እፎይታ ዝረኽበሉ ለውጢ ምርግጋጽ፡ ኣገዳሲ ናይ እዋና ጠለብ ምዃኑ ኣኼባ መሪሕነታት ክልቲኡ ሰልፍታት ተገንዚቡ።

መሪሕነታዊ ኣኼባ፡ ብኣወሃሃዲ ኣካል ዝቐረበ ፖሊቲካውን፡ ውደባውን፡ ዜናውን ዲፕሎማስያውን ጸብጻባት ብዕምቆት ድሕሪ ምምይያጥ፤ ብመሰረት እቲ ዝተኸተመ ስምምዕ ዘሰላሰሎም፡ ዕዮታት ዝተሃቀነሎም መድረኻዊ ሽቶታት ከም ዝሃረሙ ርእዩ። ከምኡ ውን፡ ኣብ መንጎ መሰረታትን ትካላትን ክልቲኡ ሰልፍታት፡ ናይ ኣርኣእያ ምቅርራብን፡ ሌላን ምትእምማንን እናዓኾኸ ክመጽእ ከም ዝጸንሐን፤ ሓድነት ክልቲኡ ሰልፍታት ንምርግጋጽ ዘኽእል ኣገዳሲ ባይታ ተመድሚዱ ምህላውን ገምጊሙ።

መስርሕ ሓድነት ክልቲኡ ሰልፍታት ክጅምር ከሎ፡ ንኹሎም'ቶም ተመሳሳሊ ኣረኣእያ ዘለዎም ሓይልታት ሓቝፉ ክኸዓዝ ባህጊ ነይርዎ እዩ። ነዚ ንምርግጋጽ ድማ ብ2004 ንተ.ሓ.ኤ ዝሓወሰ፡ ሰነድ ምርድዳእ ተኸቲሙ፤ ብ2007 ድማ፡ ንግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዘጠቓለለ ዘተ፡ ተፈቲኑ ነይሩ እዩ። እንተኾነ፡ እቲ ዝተገብረ ጻዓታት ክዕወት ዘይምኽኣሉ ዘተሓሳስብ እኳ እንተኸነ፣ ክልቲኡ ሰልፍታት ነቲ ጉዕዞ ሓድነቱ ክቕጽሎ ምውሳኑ ኣወንታዊ ከም ዝነበረን ንምጽባብ ፍልልያት እውን ኣገዳሲ ኣብነት ከም ዘቐመጠን መዚኑ።

መሪሕነታዊ ኣኼባ፡ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ዕማማት ንምዕዋት: ነዚ ዝስዕብ ነጥብታት ዘጠቓለለ ጉዳያት ኣልዒሉ ውሳኔታት ኣሕሊፉ።

1. ምቛም ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ፡

   ናይ ዝመጽእ መድረኽ ሓባራዊ ዕዮ፡ ካብ ዝሓለፈ መድረኽ ዝደንፍዐን ዝያዳ ሓላፍነታት ዝሓትትን ብምዃኑ፡ ንሓባራዊ ኣወሃሃዲ ኣካል ኣብ ኣቀዋውማኡ ምምሕያሽ ብምትእትታው ክሳብ ምጽንባር ክልቲኡ ሰልፍታት ዝመርሕ፡ 6 ዝኣባላቱ ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ኣቚሙ።

2. ጉባኤ ሓድነት

ናይ ክልቲኡ ሰልፍታት ምጽንባራዊ ሓድነት፡ ብመንገዲ ሓድነታዊ ጉባኤ ኣቢሉ ንኽፍጸም፡ ጉባኤ ድማ ብመሰረት'ቲ እዉጅ መብጽዓ፡ ኣብ ግዜኡ፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2009 ክሰላሰል ወሲኑ። ጉባኤ ብኸመይን ኣበይን ከም ዝግበር፡ ከምኡ'ው'ን ጉዳይ ምስንዳኡን ባጀቱን መሪሕነታዊ ሽማግለ ክውስኖ ተመዚዙ።

3. መስርሕ ምጽንባር ትካላት ክልቲኡ ሰልፍታት

ምጽንባር ናይ ክልቲኡ ሰልፍታት፡ ብመሰረቱ ብመንገዲ ጉባኤ ኣቢሉ ከም ዝረጋገጽ ዝተወሰነ ይኹን'ምበር፤ ኣብ መስርሕ እናተጸናበረ ክኸይድ ዝኽእል ትካላት ከም ዘሎ ብምርዳእ፤ መሪሕነታዊ ሽማግለ ከም ኣድላይነቱ ስጉምትታት ክወስደሉ ሓላፍነት ኣሰኪምዎ።

4. ፈስቲቫል ኤርትራ

ኣኼባ፡ ነቲ ብሓልዮት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ማሕበር ዝክካድ ፈስቲቫል ኤርትራ ብዝምልከት፡ ካብ'ዚ ዓመት'ዚ ጀሚሩ ሓባራዊ ፈስቲቫል ክኸውን ወሲኑ።

5. ደንበ ተቓውሞ

- ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን፡ ከም ናይ ሓባር መስርሕ ቃልስና መጠን ክድንፍዕን ክምዕብልን ዘለዎ መድረኽ ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ኣኼባ፡ ክልቲኡ ሰልፍታት ኣበርቲዑ ክሰርሓሉ ከምዝግባእ ኣስሚርሉ።
- ብተወሳኺ ምስቶም ኣብ ውሽጢ ኤዲኪ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ፡ ብርእይቶ ድማ ዝቀራረብዎ ሓይልታት፡ ጠቢቑ ክሰርሕ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ተገንዚቡ። ኣብዚ መዳይዚ፡ ብፍላይ ነቲ ምስ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ተጀሚሩ ዘሎ ዘተ ንምዕዋቱ ብዕቱብነት ክሰርሓሉ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

መሪሕነታዊ ኣኼባ ክልቲኡ ሰልፍታት፡ ዕማም ሓድነት ንምዕዋት ክተሓባበርዎ ንዝጸንሑ ሃገራት፡ ውድባትን ውልቀሰባትን ዕዙዝ ምስጋናኡ ኣቕሪቡ።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ

ፍራንክፈርት፡ ጀርመን

12 ሚያዝያ 2009